# ብሸም ኣርኣያ ዘሪሁን

ብ 2004 ዓ.ም.ፈ ናይ ፕሮጀክት ማእኸል ዝገበረ ልምዓት እዋናዊነትን ኣድላይነትን ኣእሚንና ናይ ባዕልና ቤት ትምህርቲ ንምስራሕ ኣብ ዝገበርናዮ ፈተነ፡ ኣይተ ኣርኣያ ዘሪሁን ናይቲ ሓሳብ መሰረታዊነት ኣሚኑ ሙሉእ ሓገዝ ክገብረልና ቃል ኣተወ።

እዚ ፕሮጀክት ማእኸል ዝገበረ ልምዓት ተግባራዊ ንምግባር፡

- ምስ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ብምዝታይን ኣየናይ ከባቢ ብዝበለፀ ከምዝተሳድአን ብትምህርቲ ድሕሪት ከምዝቐረየን ኣፅኒዖም መልሲ ንምሃብ
- ምስ ወረዳ ምምሕዳራት ብምዝታይ ናይቲ ኸባቢ ህዝቢ ቤት ትምህርቲ ኣብ ምስራሕ ኽገብሮ ዝኽእል ኣስተዋፅኦ ንምፍላጥ
- ኣብ ማ.ል.ት ዋና ቢሮ ነዚይ ዝከታተል ኣካል ንምቕማጥ

ዘለዎ ድሌትን ቅሩብነትን ብምግላፅ፡ ድሕሪ ሽድሽተ ኣዋርሕ ኣብ ከባቢ ሑመራ ወረዳ ቓፍታ ማቢያ ሶላ ክነስርሕ ከምንኽእል ተገለፀልና።

ኣብ ላስ ቬጋስ እንርከብ ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ትግራይ ሎሚ 2006 ዓ.ም.ፈ እቲ ቤት ትምህርቲ ወዲእና ኣብ ምርቓ ኣብፂሕና ኢና።

ህዝቢ ትግራይ ንኽማሃርን ንኽሓልፈሉን ዝነበሮ ፅኑዕ ድሌት ዓምቢቡ ንኽቕፅልን ልምዕቲ ትግራይ ናይ ምርኣይ ዝነበሮ ፃምእ ክረውይን፡ ከም ኣርኣያ ዝበሉ ኽፈርዩን ካብ ዘለና ድሌት ብምብጋስ ኣብ ላስ ቬጋስ እንርከብ ኣባላትን ደገፍትን ማሕበር ልምዓት ትግራይ እዛ ቤት ትምህርቲ <u>ኣርኣያ ዘሪሁን ቀዳማይ ብርኪ</u> ተባሂላ ንኽትፅዋዕ ዝተዋህበና መሰል ተጠቒምና ሰዪምና ኣለና።

ኣባላትን ደገፍትን ማ.ል.ት ላስ ቬጋስ